ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ　　حزب النهضة الإريتري

Eritrean Nahda Party

# ወኪል ወጻኢ ዝምድናታት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ምስ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታት ኣሜሪካ ስቴት ዲፓርትመንት ተራኺቡ

ኣተሓባባሪ ቤ/ጽ/ ወጻኢ ዝምድና ሰሜን ኣሜሪካን ካናዳን ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ሓው ኑረዲን ዓብደልቓድር ትማሊ ረቡዕ ዕለት 15 ሰነ 2016ዓ/ም ብተበግሶ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ሃገረ ኣሜሪካ (ስቴት ዲፓርትመንት) ንሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ብዝገበረሉ ዕድሜ መሰረት ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ዋይት ሃውስ ምስ ሰኒተር ኢምለይ ተራኺቡ ።ሓው ኑረዲን ኣብቲ ርክብ ንህሉው ኩነታት ኤርትራ ብሰፊሕ ድሕሪ ምዝርዛር ብሰንኪ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ግዕዙይ ምሕደራ ህዝቢ ኩሉ መዳይ ናይ ጥሕሰት መሰላት ከይኣክል ሲዒቡ እውን ኣብ ኢኮኖምያውን ማሕበራውን ሽግራቱ ብምዝያድ ብፍላይ ንመንሰያት ኤርትራውያን ተውሳኺ እዚ እውን ገደብ ዘይብሉ ግዱድ ዕስክርናን ክሎኦትን መወሰኽታት ንስደት ይውሕዝ ምህላዉ ድህሪ ምግላጽ ፡ ኣብ ጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት እውን እንተኾነ ካብ መበገሲ ስደት ዝኾነት ኤርትራ ክሳብ ዝበጽሕዎ መደበራት ዘጋጥሞም ዘሎ ሞት መሸጣ ኣካላት ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራውያን ዘጋጠመን ግዱድ መጥቃዕቲ ብሰፊሕ ገሊጽሎም ።ቀጺሉ እውን ንጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ብፍላይ ነታ ሕጂ ኣብ ቀረባ እዋን ንኣጻራይት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኤርትራ ዝጸነሓት ኮሚቴ መብረሂ ድሕሪ ምሃብ ፡ብወገን መንግስቲ ኣሜሪካ እውን ነቲ ኩሉ ተረኽበታት ኣብ ኤርትራ ድሕሪ ምስማዕ ንኣብ ኤርትራ ኣጋጣሚ ዘሎ ኩነታት ንሃገረ ኣሜሪካ ኣታሓሳሲብዎ ምህላዉ ብምንጻር ነታ ኣጻራይት ሽማግለ ኩሉ ደላይ ፍትሒ ኤርትራዊ ውድብን ውልቀ ሰባትን ኣብ ጎኒታ ሽማግለ ደው ኢሎም ብኩሉ መዳይ ክሕግዝዋ ተላብያ ።

ቀጺሉ ሓው ኑረዲን ኣብ ህሉው ኩነታት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ኣብ ዘላለየሉ ግዜ መንቀሊ ቃልሲ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ንጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ጉዳይ ጀበርቲ ተሓንጊጡ ምቅላስን ንዝተመንጠሉ መሰል መንነትን ንምምላስ ይቃልስ ምህላዉን ነዚ ቃልሲ ኣቦ ወንበር ኮይኑ ዝመርሖ ዘሎ ሓው ዓብዱራሕማን ጣሃ ሙኺኑን ብምልላይ ንናይ ዓስተ ዓመታት ንጥፈታት ሰልፊ ብሰፊሕ ተንቲኑ ።ብወገን ሰኒተር ኤምለይ ድማ ንኹሉ ዝተኻየደ ቃልሲ ብምንኣድ ፡ ንዲሞክራስያዊ ቃልሲ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ኣብ ዓወት ንኽበጽሕ ብምምናይ ብወገን ኣሜሪካ ቀጻሊ ርክባት ክግበር ምኻኑ ብምሕባር ኣብ ዝቕጽል ሓምለ

2016 ርክብ ክግበር ሙኻኑ ቆጸራ ብምትሓዝ ፡ እዚ ዝተዋህበ መልእኽቲ ኩሉ ናብ ዝላዓሉ ኣካላት መንግስቲ ኣሜሪካ ከተብጽሖ ሙኻና ሓቢራ ።

**ቤት ጽህፈት ዜና ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

16 ሰነ 2016